## 9ይ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመርካ።
## ነሓሰ (August) 2-5, 2007 መድኃኔ ዓለም ቤ/ክ ኣትላንታ፡ ጆርጅያ።



ብፁእ ውቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፡

ሃገረ ኤርትራ።

### መሪሕ ጥቕሲ

"ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን፡ ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ኼውጽኦ እዩ። ንእግዚኣብሔር ሃዲእካ ተጸበዮ…በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኹሪ። እኩያት ኪጸንቱ እዮም፡ ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።" መዝ 37፡ 6-8።

### ኣርእስታት ስብከት

1. ረሲኣንን ተግባራቶምን (መዝ. 37)
2. ናይ መወዳእታ ዕጫ እኩያት ሰባት (መዝ. 37)
3. ፈተና ክርስትያን (1 ጴጥ 4፡12-19)
4. ኣብ ግዜ ፈተና ብኸመይ ኪንመላለስን ከነገልግልን ይግባእ? (መዝ 37)
5. ድሕሪ ፈተና ዝርከብ ዓወት (መዝ 37)

## “ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን፡ ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ኬውጽኦ እዩ። ንእግዚኣብሔር ሃዲእካ ተጸበዮ…በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኹሪ። እኩያት ኪጸንቱ እዮም፡ ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።” መዝ 37፡ 6-8።

ፍቓድ ሥላሴ ኮይኑ ሎሚ ንታሽዓይ ግዜ ብትሕዝቶኡ ሃብታም ዝኾነ መንፈሳዊ ጉባኤ ነካይድ ኣሎና። እዚ ሰፊሕ መንፈሳዊ ኣኼባ፡ እቶም ንንኡስ ሃገረ ስብከት ዘቘሙ ጉባኤ ካህናት፡ ኣብ ውሽጡ ዝተሓቐፉ ዝተፈላለየ ጨንፈራት ስርሖም ዝግምግምሉ፡ ንሓድሕዶም ዚባላልሕሉ፡ ምእመናን ድማ ንመንፈሳውን ማሕበራውን ህይወቶም ዘርብሕ ሰሚናራት፡ ትምህርትታትን ስብከትታትን ዝቐስምሉ መንፈሳዊ ንግደት እዩ። ንኡስ ሃገረ ስብከት ብብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ብወግዒ ኣብ 2000 ዓ.ም. ፈ. ተባሪኹ ስርሑ ካብ ዝጀምር፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመታት በብታራ፡ ብኢድ ፓትርያርካት ተባሪኾም ብዝመጹ ጳጳሳት እንዳማዕረገዩ ክብዓል ጸኒሑ።

ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያንና ብዝተጋህደ ቅልውላው ግን ሎሚ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን፡ ኣብ ውሽጣ ኣብ ቀጻሊ ነውጺ ብደገ ድማ ካብ ኣሓት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት በይና ተነጺላ ትርከብ ኣላ።

እቲ ሽግር ገና ኪቕልቀል ከሎ፡ ነቲ ጠንቂ እዚ ኹሉ ቅልውላው ዝኾነ ሰብ፡ ኣቶ ይፍታህ ቀሺ ዲሞጥሮስ ዋና ኣማሓዳሪ ኢሉ ንገዛእ ርእሱ ኺሸይም ኣብ ልዕሊቲ ን1700 ዓመታት ዘመሓደረና ሕጊ ቤተክርስትያን ንዕቀትን ድፍረትን ስለዝኾነ፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ ነዚ ዋላ ሓደ ዓይነት ማዕርገ-ቤተክርስትያን ዘይብሉ ውልቀሰብ ካብ ቤተክርስትያን ኪእለን፡ ምምሕዳር ነቶም ዝምልከቶም ኣቦታት ኪገድፈሎምን ብወግዒ ሓቲቱ (http://tewahdo.org/Diocese/Diocese.html)። ሰማዒ ግን ኣይረኸበን። ብድሒሩኡ እቲ ኩነታት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደድ ከምርሕ ምስ ጀመረውን ሕጊ ቤተክርስትያን ብምጥቃስ “ወኢ.ይትወከፍ ላዕለ ሊቀ ጳጳሳት ውዴተ ኣሓዱ፡ እምጳጳሳት ምንተኒ እምጳጳሳቲሁ፡ ኣው ለእመ ተረክበ በላዕሌሁ ምንተኒ ዘእንበለ ይምጻእ ካልእ እምኣኃዊሁ” (ፍትሕ መንፈሳዊ ዓንቀጽ 4፡ ዘኒቅያ 50) ዝብል ሓዋርያዊ ትእዛዝ ከይገሃስ ኣዘኻኺሩ። "ፓትርያርክ ብሕይወት እንከሎ ካልእ ፓትርያርክ ኣይሽየምን" ዚብል ሕጊ (ፍትሕ መንፈሳዊ ኣንቀጽ 4 ቁጽሪ 70-71) (30 ግንቦት 2007 ዝተጻሕፈ ደብዳበ ተመልከት) ጥሒሶም፡ ኣብ ልዕለኦም ተነቢሩ ዝነበረ ውግዘት ረጊጾም ዘይሕጋዊ ምርጫ ምስ ኣካየዱ ድማ ብወግዒ ካብቲ ንኣሽሓት ዓመታት ዝተመራሕናሉ ሕጊ ቤተክርስትያን ወጺኦም ሓድሽ መገዲ ስለዝፈጠሩ ብንኡስ ሃገረ ስብከት ተቓባልነት ከምዘይብሎም ብግልጺ ኣዊጁ። እቲ ዓለም ብምልኡ ዝኾነና ዘይሕጋዊ ምርጫ ፓትርያርክ፡ ኣቀዲሙ ንዝተፈጸመ ገበን ንምሽፋን ዝተማህዘ እኳ እንተነበረ ብኣንጻሩ ዝኸፍአ ኩነኔ ኣኸቲሉ። እዚ ሽፊንካ ዘይሽፈን ገበን፡ ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ጸሊም ነጥቢ ገዲፉ ጥራይ ዘይኮነ ንቤተክርስትያንና ብቐጻሊ ይፈላልያን የዳኽማን ኣሎ። ኩለን ኣሓት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ኣብ ዝቐራረባሉ ዘለዋ ግዜ ዝተፈጸመ ግህሰት፡ ንናይ ኤርትራ ቤተክርስትያን ንበይና ተነጺላ ክትተርፍ ገይርዋ ይርከብ። ከም ኣባል ናይ ዓለም ቤተክርስትያን መጠን፡ እቲ ዝተፈጸመ ገበን ቀሊል ስለዘይኮነ ኣቓልቦ ብዙሓት ምእመናን ዓለም ረኺቡ፡ ጉዳይና ኣብ ቃልዕ ወጺኡ መዛረብ ብዙሓት ኮይኑ። ኣመንትን መራሕትን ኦርቶድክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ድማ ሕግና ዘይነኽብር ጉድለት ትምህርትን ንቕሓትን ከምዘሎና ዝሕብር ፍጻሜ ስለዝኾነ ኣብ ቅድሚ መላእ ዓለም ከሕፈረና ይርከብ ኣሎ። ብፁእ ወቅዱስ ኣቡና እንጦንዮስ ግን ኣሰር መድኃኔ ዓለም ክርስቶስን ኣሰር ኩሎም እቶም ቅዱሳት ኣቦታት ከየህሰሱ፡

ንሕጊ ኃይማኖቶም ክሳብ መጨረሻ ድው ምባሎም እንዳዋዓለ እንዳሕደረ ኣድናቖት ኩሎም ክርስትያን ረኺቦም፡ ሎሚ ስሞም ካብ ማንም ሰብ ንላዕሊ ብኽብሪ ይጽዋዕ ኣሎ። ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት ድማ ሕጋዊ መራሒ ቤተክርስትያን ኤርትራ ንሶም ጥራይ ምዃኖም ብምግላጽ፡ ብፍሉይ ስሌኦምን ስለ ቤተክርስትያንናን ኣብ ቅዳሴአን ዘወትር ይጽልያ ኣለዋ።

ስለዚ ንኡስ ሃገረ ስብከት እምበኣር ድርብ ሓላፍነት ተሰኪሙ፡ ንነዊሕ ኣማዕድዩ ኪኸይድ ግድን እዩ። እቲ ዝተፈጸመ ገበን ብፍትሕን ብሓቅን ኪቕልበስ በቲ ሓደ ወገን፡ ቤተክርስትያንና ካብቲ ኃዋርያዊ መሳልላ ከይትብተኽ፡ መጻኢ ዕድላ ከይጽልምት ድማ በቲ ኻልኣይ ሸነኽ ከቢድ ጻዕርን ሓላፍነትን ዝሓትት ዕዮ እዩ። ስለዚ እዩ ድማ ንሎሚ ዓመት እንምርሓላ ቃል “...በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኾሪ። እኩያት ኪጸንቱ እዮም፡ ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።” መዝ 37፡ 6-8። ዝብል ኪኸውን ዝኽኣለ። ዓሚ ከምዚ ሎሚ እዋን ዝተመርጸ መሪሕ ጥቕሲ “...ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተጸናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀመዛሙርተይ ኢኹም። ንሓቂ ኪትፈልጥዋ ኢኹም እታ ሓቂ ድማ ሓራ ከተውጽኣኩም እያ...።” ዮሃ 8:31-32። ዝብል እዩ ዝነበረ፡ ንዓመት ምሉእ ተመሪሕናሉ። ገና ድማ እቲ ዘይሕሱ ቃል ጎይታ መድኃኔ ዓለም ክሳብ ዝፍጸም ክንምርሓሉ ኢና። ንምክትታሉ ምእንቲ ክጥዕም እምበኣር ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቃል ኣብ ዝስዕብ ከፋፊላና ክንርእዮ ኢና።

1. ረሲኣንን ተግባራቶምን

ንጉስ ዳዊት ኣብ ዘመን ንግስነቱ ብዙሕ ግድል ኣሕሊፉዩ። ኣብቲ ኩሉ ዓቐብን ቁልቁልን ግን እቲ ዝዓበየ ስንቁ፡ መዝሙርን ጸሎትን እዩ ኔሩ። ሎሚ ኩሉና ደቂ ቤተክርስትያን ዳዊት ንደግም፡ ምኽንያቱ እቲ ኣብኡ ዘሎ ረዚን መዝሙር ኣብ ዕለታዊ ህይወትና ንዘጋጥመና ስለዘንጸባርቕን ዝዓበየ ጸሎትን ስለዝኾነንዩ። ንጉስ ዳዊት ረሲኣን ኣብ ልዕሊ ጻድቃን ኪዕምጹን ንግዜኡ ድማ ሓሳቦም ኪሰምረሎም ስለዝተዓዘበዩ ንመዝሙር 37 ደረስዎ። ረሲኣን ፈሪሃ እግዚኣብሔር ዘይብሎም እኩይ ሕልና ዘለዎም ሰባት እዮም። ተግባራቶም ኩሉ ድማ ሕማቕ እምበር ጽቡቕ የብሉን። ኣብዚ ምዕራፍ ተግባራት ረሲኣን ንጉስ ዳዊት ከምዚ ብምባል ይገልጾ፡- ረሲእ ንጻድቕ ይፍሕሰሉ፡ ኣስናኑውን ይሕርቕመሉ (ቁ. 12)። ነቲ ጥቑዕ ድኻ ከውድቕዎ፡ ነቲ ብቕኑዕ መገዲ ዝኸይድ ከኣ ኪሓርድዎ፡ ረሲኣን ሰይፎም ይምስቱ ይብል (ቁ. 13)። ስግር ኢሉውን ረሲእ ንጻድቕ ይጻናተዎ ኪቀትሎውን ይደሊ ይብል (ቁ. 32)።

ኣብ ዓለምና ንኹሉ ሰብ ዝገዝእ ዓለም ለኻዊ/ሃገራዊ ሕጊ እንተዘይህሉ፡ ረሲእ እቲ እኩይ ተግባሩ ካብ ምፍጻም ዓዲ ኣይምውዓለን። ጻድቕ ሰብ ንሰላም፡ ዕብየት፡ ፍቕርን ሓድነትን ኪጋደል ከሎ፡ እቲ ረሲእ ሰብ ልቡ ብኽፍኣት ብጽልኢ፡ ትዕቢትን ስስዐን ስለዝመልአ ኣንጻር እቲ ጻድቕ ሰብ ይትስእ። ስለምንታይዩ ረሲእ ሰብ ንጻድቕ ከጥቀዮን ኪቀትሎን ዝጻናተዎ? ምስ ኣምላኽ ሰላም ዘይገበረ ሰብ፡ ምስ ሰብ ሰላም ኪገብር ኣይክእልንዩ። ስለዚ ረሲእ ኩሉቲ ዝተጠቕሰ ዚገብር እምበኣር ነጸብራቕ ናይቲ ኣብ ውሽጢ ህይወቱ ዘሎ ማዕበልዩ። ኣብ ውሽጡ ዘይረግአ ሰብ፡ ኣብ ቀጻሊ ምንዋጽ ዘሎ ሰብ፡ ልኡኽ ሰላም ኪኸውን ኣይክእልንዩ። ጻድቕ ሰብ ትውክልቱ ልዕሊ ኩሉ ኣብ እግዚኣብሔር እኳ እንተኾነ ምስቲ ለይቲ ምስ መዓልቲ ንውድቀቱ ዝተዓጥቀ ረሲእ ሰብ ብኸመይ ኪነብር ከምዘለዎ ክስተውዕል ይግብኦ። እቲ “ገርህታት ከም ርግቢ፡ ጠቢባን ድማ ከም ተመን ኩኑ” ዚብል ምስላ ክርስቶስ ነዚዩ ዘዘክረና።

2. ናይ መወዳእታ ዕጫ እኩያት ሰባት (መዝ. 37)

ረሲኣን ከም ሓይሎም ኪገፍዑ ኣምላኽ ስቕ ኢሉ ኣይርእን እዩ። ኣብ ዓለምና ብኽፍኣቶምን ዓመጻኦምን ዝተፈልጡ መብዛሕትኦም ሰባት መወዳእታ ብኽፉእ እዮም ዝጠፍኡ። ንጉስ ዳዊት ኣብቲ ሒዝናዮ ዘሎና መዝሙር፡ መወዳእታ እኩያት ሰባት ብኸምዚ ገሊጽዎ ይርከብ፦ ከም ሳዕሪ ቐልጢፎም ኪፅጸዱ፡ ከም ልምሉም ቆጽሊ ከኣ ኪጽምልዉ እዮም (ቁ. 1)፤ እኩያት ኪጸንቱ እዮም (ቁ. 8-9)፤ ቀሩብ ጸኒሑ እቲ ረሲእ የሎን፡ ቦታኡ ኪትደልዮ ኢኻ፡ ኣይክህሉን ድማ እዩ (ቁ. 10)፤ ሰይፎም ናብ ልቦም እዩ ዚኣቱ ቀስቶምውን ኪስበር እዩ (ቁ. 15)፤ ረሲኣን ግና ኪጠፍኡ እዮም፡ ጸላእቲ እግዚኣብሔር ድማ ከም ጌጽ ሾኻ እዮም፡ ኪበኑ እወ ከም ትኪ ኪበኑ እዮም (ቁ. 20)፤ ዘርኢ ረሲኣን ግና ይጸንት እዩ (ቁ. 27-28)፤ ንረሲእ ከም ኣብ ቦታኡ ኣስፋሕፊሓ ዝለምለመት ኦም፡ ብስልጣኑ ርኤኽዎ፡ ምልስ እንተበልኩ ግና ሰኣንክዎ፡ ደሌኽዎ እሞ ኣይረኸብክዎን (ቁ. 35-36)።

እቲ ዘገርም ኣብዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ናይ ረሲኣን ስልጣን ግዝያዊ ምኻኑን መወዳእታኡ ድማ ንፈጸምቱን ንዘርኦምን ዝተርፍ ጥፍኣት ምኻኑ የረድእ። ሰብ ዝዘርኦ ኪዓጽድ ግድን እዩ። ንሰላም፡ ፍቕሪ ሓድነትን ሕውነትን ዝጽዕር ሰብ ኣብ ሰማይ ዓስቢ ኣብ ምድሪ ድማ ክብረት ይረክብ። ብኣንጻሩ ንዝረኸቦ ግዝያዊ ዕድልን ሓላፍነትን ተጠቒሙ ዝዕምጽ ሰብ ድማ ብእግዚኣብሔር መቕጻዕቲ ብሰብ ድማ መርገምን ሕማቕ ሽምን የትርፍ። እግዚኣብሔር መኣስን ብኸመይን ንረሲኣን ከምዝቐጽዖም እኳ እንተዘይፈለጥናዮ፡ ሓደ ነገር ግን ርግጽዩ "...ንሕናስ ነቲ፡ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ ኣነ ሕነ ኪፈዲ እየ፡ ዝበለ ደጊሙ ኸኣ እግዚኣብሔር ንህዝቡ ኪፈርዶ እዩ፡ ዝበለ ንፈልጦ ኢና። ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዘሰክሕ እዩ።" እብራ 10፡30-31።

3. ፈተና ክርስትያን (1 ጴጥ 4፡12-19)

"እቱም ፍቑራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዚረኽበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኼንኩም ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጎሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትኾኑስ፡ ተሓጎሱ ድኣ። ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጸረፍኩም እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ ኣባኻትኩም ይሓድር እዩ፡ እሞ ብጹኣን ኢኹም። ሓደ ኻባትኩም ከም ቀታሊ፡ ወይስ ከም ሰራቒ፡ ወይስ ከም ገባር እከይ፡ ወይስ ኣብ ነገር ካልኦት ከም ዚጽንበር ኮይኑ መከራ ኣይጽገብ። ከም ክርስትያን መከራ እንተጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ስም እዚ ንኣምላኽ የመስግኖ እምበር፡ እይሕፈር።" 1 ጴጥ 4፡12-16።

ከምቲ ብሓዊ ዘይሓለፈ ወርቂ፡ ወርቂ ምኻኑ ዘጠራጥር፣ ክርስትያን ብዘይ ፈተና ድማ ክርስትያን ኪኸውን ኣይክእልንዩ። ኣምላኽናን መድሓኒናን ክርስቶስ ባዕሉ ብሓዊ ተፈቲኑዩ፡ ሰዓብቱ ኩላትና ድማ ከም ዓቕምና በቲ ዋዒ (ሃፈፅታ) ናይቲ ሓዊ ንፍተን። እቲ ቀንዲ ከነስተብህለሉ ዝግባእ ነጥቢ፡ ስለምንታይ እዚ ኹሉ መከራ ይወርደኒ ኣሎ? ዝብል ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ምንታይ ንፍተን ከም ዘሎና ምርግጋጽ እዩ። ብጥፍኣትናን ጉድለትናን ዝተፈተናዮ ዓስቢ የብሉን። ከም ሰዓብትን ኣገልገልትን ክርስቶስ ዕዮናን ሓላፍነትናን ስለዝፈጸምና፡ ንዓመጽን ንግብሪ ረሲእነትን እምቢ ስለዝበልናን እንተተፈቲንና ግና ክብረትን መንፈስ ኣምላኽን ኣባና ይሓድር እምበር ዘሕፍር ኣይኮነን። ብግብሪ ድማ ንርእዮ ኣሎና። ንኣብነት እቶም ኣብ ቤተክርስትያንና ወሪዱ ንዘሎ ግህሰት ቀዋና ቤተክርስትያን፡ ሕጊ ይክበር ኢሎም ብዓውታ ደው ዝበሉ ኣቦታት መመሊሶም ኪምጎሱ፡ ምእመናኖም ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ከኽብርዎምን ኪብርክቱን ይርኣዩ ኣሎዉ። "ሓቂ ስንቂ

ዘልኣለም፡ ሓሶት ድራር ሓደ ምሸት" ከምዝብሃል ክሳብ ሓቂ ጎሊሓ ትወጽእ ግን ስቃይ ኣይተርፍንዩ፡ ጽንዓትን ምጽማምን ድማ ይሓትት። ሓቂ ዘጥፍእ ኣገልጋሊ ቤተክርስትያን፡ ውሉደ ክህነትን መዘምርን ግን ንምንታይ ከምዘገልግልውን ንጹር ኣይኮነን! ክርስቶስ ጎይታ ድማ ኣብ ቃሉ ይብልዩ "ንሱ ባዕሉ ኪፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ፡ ነቶም ዚፍተኑ ኪረድኦም ይከኣሎ እዩ።" እብራ 2፡18። ክርስቶስ እቲ ዝኸፍአ ስቓይ ዝተቐበለሉ ቦታ ቀራንዮ እዩ፡ ንሰይጣንን ስዒሩ ምርኮ ዝማረኸሉ ናይ ዓወት ቦታ ድማ ቀራንዮ እዩ (ቆለ 2፡14-15)። ስለዚ ፈተና ክርስትያን ክብርን ሓይሊ መንፈስ ቅዱስን እትለብሰሉ ቦታን እዋንን እዩ፤ መወዳእታኡ ከኣ ብዓወት ክርስቶስን ደቁን እምበር ብሕፍረት ኣይዛዘምን።

4. ኣብ ግዜ ፈተና ብኸመይ ኪንመላለስን ከነገልግልን ይግባእ? (መዝ 37)

ልብን ኩላሊትን ዝምርምር ጎይታ ልዕሊ ዓቕምና ኣይፍትነናንዩ። "ሰብ ኪጾሮ ዘይክእል ፈተና ኣይበጸሓኩምን። ኣምላኽ እሙን እዩ እሞ፡ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ መውጺኢ ገይርልኩም ኣሎ፡ ካብ ዓቕምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሓድገኩምን እዩ። 1 ቆረ 10፡13። እቲ ብግብሪ እንዕዘቦ ግን ከምዚ ዘንበብናዮ ቃል ዘይኮነ ውሉደ ክህነት ይኹኑ ተራ ምእመን ኣብ ግዜ ፈተናን ኣብ ግዜ ራህዋን ዝተፈላለየ መልክዕ እዩ ዘለዎም። ስለምንታይ ብዙሓት ከም ነፋሒቶ ሕብሮም ይቕያይሩ? ኣብቲ ክርስቶስ ዘቐመጦም ሓላፍነትን ቦታን ደው ኢሎም ዝቓለሱ ብዙሓት ኣይኮኑን፤ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ቃል'ድዩ ተለዊጡ? ወይስ እቲ ጉድለት ኣብ ሰባት እዩ ዘሎ? እቲ ጉድለት ኣብ ኣምላኽ'ዩ፡ ማለት ልዕሊ ዓቕሚ ሰብ ዝኾነ ፈተና ስለዘውረደ፡ ከይንብል ኣብ ግዜ ፈተና ብመንፈስ ኣምላኽ እንዳበርትዐ ሕድሮም ዘጽንዑ መራሕቲ ቤተክርስትያንን ምእመናን ኣሎዉ። ክብደት እቲ ፈተና እንተዝኾውንሲ ዝጸንዕ ሰብ ኣይምተረኽበን።

እቲ መልሲ ንጉስ ዳዊት ባዕሉ መሊስዎ ኣሎ። ኣብ ቁ. 24, 31 "ሕጊ ኣምላኹ ኣብ ልቡ እዩ፡ ስጉምቱ ሰንከልከል ኣይኪብልን...እግዚኣብሔር ብኢዱ ይድግፎ እዩሞ እንተተዓንቀፈ እኳ ፈጺሙ ኣይኪወድቕን እዩ።" ስለዚ እቲ ጉዳይ ኣብ መሰረትዩ። መሰረቱ ዘይጽኑዕ ገዛ ውሕጅን ንፋስን ከምዘይጸውር ኣብ እግዚኣብሔር ዘይተሰረተ ሰብ ድማ ኣብ ግዜ ፈተና ኣብ ቦትኡ ኣይጸንዕንዩ። ኣብ ሞንጎቲ ረሲእን ጻድቕን ዝፈላልዮም ነጥቢ፡ እቲ ረሲእ ምሳሌኡ "ከም ኣብ ቦታኡ ኣስፋሕፊሓ ዝለምለመት ኦም፡ ብስልጣኑ ርኤኽዎ፡ ምልስ እንተበልኩ ግና ሰኣንክዎ፡ ደሌኽዎ እሞ ኣይረኸብክዎን (ቁ. 35-36)። ከምኡውን ብኣፍ ነብዪ ኤርምያስ "እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ሰብ ዚውከል ቅልጽሙ ከኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሔር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። ንሱ ከም ንቑጽ ቆጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፡ ...ጥዑም ምስ መጸ ኣይርእዮን።" (ኤር 17፡5-6) ኪኸውን ከሎ እቲ ኣብ እግዚኣብሔር እምበር ኣብ ሰባት ይኹን ኩነታት ዘይውከል ጻድቕ ሰብ ድማ ነብዪ ኤርምያስ ብኸምዚ ይገልጾ "ኣብ እግዚኣብሔር ዚውከል ትጽቢቱ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሔር ዚገብር ሰብ ብሩኽ እዩ። ንሱ ኸምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተኽለት፡ ሱራ ኣብ ርባ ዜሳፍሕ ኦም እዩ፡ ዋዒ እንተ መጸ ኣይትፈርህን ቆጽላ ኸኣ ለሚዑ ይነብር። ብዓመት ደርቂ ኣይተንክርን፡ ካብ ምፍራይውን ኣይተቋርጽን።" (ኤር 17፡5-8)። እምበኣር ባህርያቶምን ኣገልግሎቶምን ምስ ግዜን ኩነታትን ዘይቕየር ሰባት፡ ኣብ እግዚኣብሔር ዝውከሉን ዝስረቱን ሰባት እዮም። "ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ። ልብኹም በቲ ነቶም ዝኸድሉ ዘይጠቕሞም ብልዒ ዘይኮነስ፡ ብጸጋ እንተ ጸንዐ ጽቡቕ እዩ፡...." (እብ 13፡8-9)። ምልውዋጥ ብመሰረቱ ባህርይ ደምን ስጋን እዩ ካብ ኣምላኽ ድማ ኪኸውን ኣይክእልንዩ። ንዘስተውዕል ሰብ እቲ ዚርከብ ፍረ ድማ ባዕሉ ምስክርዩ።

5. **ድሕሪ ፈተና ዝርከብ ዓወት** (መዝ 37)

ቃልስን ግድልን ክርስትያን ካብቲ ካልእ መከራ ዝፈልዮ፡ መወዳእታኡ ብዓወት ክርስቶስን በቶም ጸኒዖም ዝተቃለሱ ደቁን ዚዛዘም ምዃኑ እዩ። ኣብ ታሪኽ ናይ ዓለም ይኹን ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ከምንዕዘቦ፡ ሓቂ ብሓሶት፡ ፍትሒ ብዓመጽ፡ ጽድቂ ብረሲእነት ተሸፊነን ኣይነብራን እየን። መወዳእታኡ ዓወት ምዃኑ ኣብ ዝፍለጥ ቃልሲ ኪትሳተፍ ጽቡቐዩ። ንኣብነት ኣብዚ ንቤተክርስትያን ኣጋጢምዋ ዘሎ ቅልውላው፡ ኣብዚ ናይ ጽልግልግ ግዜ፡ መንዩ መንፈሳዊ መንዩ ፈሪሳዊ፡ መንዩ ሕጊ ቤተክርስትያንን ሕጊ ወንጌልን ዘኽብር፡ መንዩ ዝጥሕስ፤ መንዩ ሓቀኛ፡ መንዩ ንሓቂ ረጊጹ ዘሎ ንለባማትን ደለይቲ ሓቅን እኳ ንጹር እንተኾነ። እዚ ኪነታት ዘደናግሮ ሰብ ድማ ቁጽሩ ሒደት ኣይኮነን። ኣምላኽ ሰዓቱ ምስ እኸለት ግን፡ ከምቲ ባዕሉ ንጉስ ዳዊት ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ምዕራፍ ዝጠቐሶ፡- ”ብእግዚኣብሔር ተማዕቀብ ሰናይ ድማ ግበር፡ ኣብታ ሃገር ተቐመጥ፡ እምነት ከኣ ድለ።” (ቁ. 3) ምስ በለ ኣብ ቁ. 6 “ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ከውጽኦ እዩ።” ይብል። እቲ ናይ ጽልግልግ ግዜ ሓሊፉ፡ ኩሉ ከከም ግብሩ ዚፍደየሉ ናይ ብርሃን ግዜ ኪመጽእ ግድንዩ። ከምቲ ቃሉ ”ንእግዚኣብሔር ዚጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም፡... ብብዝሒ ሰላም ከኣ ደስ ኪብሎም እዩ።” (ቁ. 8-9,11) ዚብሎ እዚ ኽሉ ዚኸውን ድማ ብሓይሊ ሰብ ኣይኮነን፡ እግዚኣብሔር ቅንዑን ፍትሓውን ስለዝኾነዩ ”እግዚኣብሔር ፍርዲ ይፈቱ፡ ንቕዱሳኑ ኸኣ ኣይሓድጎምን።...ምድሓን ጻድቃን ግና ካብ እግዚኣብሔር እዩ።” (ቁ. 8-9,11)።

ስለዚ ብውልቂ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ህይወትና ብዘጋጥመና ይኹን ወይስ ብሓባር ከምዚ ኣብ ቤተክርስትያንና ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ሓደጋ፣ ግዜ ከሎና እቲ ቅኑዕ ምርጫ ኪንመርጽ ይግባእ። ዝተጋገየ ናብ ቅኑዕ መገዲ ኪምለስ፡ ኣብ ሓዲግ ኮይኑ ዘማዕዱ ዘሎውን ጽባሕ ዘየሕፍር ውሳኔ ብትብዓት ኪወስድ ይግባእ። ንኹሉ ግዜ እለዎ ንፈተና ግዜ ኣለዎ ንዓወትውን ከምኡ። ከምቲ ነብዩ ኤርምያስ ዝበሎ “ኣብ ሰብ ዚውከል ቅልጽሙ ከኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሔር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። ንሱ ከም ንቑጽ ቆጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፡ ...ጥዑም ምስ መጸ ኣይርእዮን።” (ኤር 17፡5-6) ኣምላኽ ካብዚ የድሕነና። ናይ ፈተና ግዜ ኣብቂዑ ጥዑም ኪመጽእዩ። ግናኸ ነቶም ኣብ ሓላፍነቶም ደው ኢሎም ዝተቓለሱ እምበር ንኹሉ ሰብ ጥዑም ኺኸውን ኣይክእልን፤ ምኽንያቱ ሰባት እኳ ስቕ እንተበሉ እግዚኣብሔር ዘይዘራእካዮ ጥዑም ኪትበልዕ ስቕ ኣይብልን፡ ብዓብይኡ ድማ ናይ ሕልና ዕረፍቲ ኣይርከብን።

ከምቶም ኣብ ግዜ ፈተናኦም ኣብ ኣምላኽ ጥራይ እንዳተወከሉ፡ ባህርያቶምን ኣገልግሎቶምን ዘይቅይሩ ደቁ ኴንና ክሳብ ዓወት ደው ኪንብል ብመንፈሱ የደግፈና።

*ብን/ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ፡ ኣብ ክፍሊ ትምህርትን ሰብከትን*

*ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክርስትያን ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ*

**ኣምላኽ ሰላም፡ ንሃገርናን ቤተክርስትያንናን ሰላሙ ይሃብ!**

**ንብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ድማ ብሰላምን ጥዕናን ይሓልወልና!**

## ዝርዝር መደብ 9ይ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመርካ።

| ሓሙስ (2 ነሓሰ 2007 ) | ዓርቢ (3 ነሓሰ 2007 ) | ቀዳም (4 ነሓሰ 2007 ) |
| --- | --- | --- |
| 6:00-8:00 ጸሎተ ነግህ 8:00-9:00 ቁርሲ<br>መራሕ መደብ: ዲ. (ዶር) ቴድሮስ ተስፋይ<br>9:30-10:30 ንመሠረተ-እምነትን ሥርዓትን ዝምልከት ብተደጋጋሚ ዝቀርብ ሕቶን መልሱን፡ ቅዱስ ቁርባን ንመንን መኣስን? ብዲ. (ዶር) ቴድሮስ ተስፋይ<br>10:30-10:45 መዝሙር ብካህናት<br>10:45-11:30 ስብከት፡ (መሪሕ ጥቕሲ፡ 1ይ ክፍሊ) ብቀሺ ዓንደሚካኤል/ብዲ. ዑቅበ ዘመደ | 6:00-8:00 ጸሎተ ነግህ<br>መራሕ መደብ: ዲ. (ዶር) ኤፍረም መብራህቱ<br>9:30-10:30 ንመሠረተ-እምነትን ሥርዓትን ዝምልከት ብተደጋጋሚ ዝቀርብ ሕቶን መልሱን፡ ትርጉም ጾምን ጸሎትን ኣብ ቤተ ክርስትያንና። ብቀሺ ወልደትንሣኤ ብርሃነ<br>10:30-10:45 መዝሙር ብካህናት<br>10:45-11:30 ስብከት (መሪሕ ጥቕሲ፡ 3ይ ክፍሊ) ብቀሺ ዲበኩሉ ላይነ | 6:00-8:00 ጸሎተ ነግህ 8:00-9:00 ቁርሲ<br>መራሕ መደብ: ዶር. ደስበለ ሓደራ<br>9:30-10:30 "ጉዕዞ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤ/ክርስትያን ኣብ ታሪኽ ኤርትራ" ብዶር. ጸጋይ ኢሳቕ<br>10:30-10:45 መዝሙር ናይ ህዝቢ<br>10:45-11:30 ስብከት (መሪሕ ጥቕሲ፡ 5ይ ክፍሊ) ብቀሺ ሓለፎም ዓንደማርያም |
| 12:00-2:00 ምሳሕን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ዲ. ዑቅበ ዘመደ<br>2:30-3:45 ቤተ ክርስትያን ካብ ግዜ ሃዋርያት ክሳብ ዘመነ ሰማዕታት። ብሊቀ ካህናት ገብረሚካኤል ዮሃንስ<br><br>3:45-5:00 "መንእሰያት ዘይብላ ቤ/ክርስትያን ተስፋ ዘይብላ ቤ/ክርስትያን እያ" ኣስተምህሮን ዘተ ምስ ምእመናንን (1ይ ክፍሊ) ብዶር ሽሞንዲ ሃይለ | 12:00-2:00 ምሳሕን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ዲ. (ዶር) ኣቤል በርሀ<br>2:30-3:45 ቤተ ክርስትያን ኣብ ዘመን ኣቦታት፡ 3 ጉባኤታት መንፈስ ቅዱስ። ብዲ. (ዶር) ብርሃነ ስዩም<br><br>3:45-5:00 "መንእሰያት ዘይብላ ቤ/ክርስትያን ተስፋ ዘይብላ ቤ/ክርስትያን እያ" ኣስተምህሮን ዘተ ምስ ምእመናንን። (2ይ ክፍሊ) ብዲ ጸሃየ መንግስተኣብ | 12:00-2:00 ምሳሕን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ብዲ. (ዶር) ብርሃነ ስዩም<br>2:30-3:45 ቤ/ክርስቲያን ኣብ ዘመንና፡ ህሉው ኩነታት ቤተክርስትያንናን ተራናን። ብቆሞስ ከሰተ ብርሃን ገ/ሚካኤል<br>3:45-5:00 "መንእሰያት ዘይብላ ቤ/ክርስትያን ተስፋ ዘይብላ ቤ/ክርስትያን እያ" ኣስተምህሮን ዘተ ምስ ምእመናንን። (3ይ ክፍሊ) ብዲ(ዶር) ሃብቱ ገብረኣብ |
| 5:00-7:00 ድራርን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ዲ. ዑቅበ ዘመደ<br>7:00 — 7:30 መዝሙር ብወለድን መንእሰያትን<br>7:30–8:15 ስብከት (መሪሕ ጥቕሲ፡ 2ይ ክፍሊ) ብቀሺ (ዶር) ኣስመሮም ሞሳዝጊ<br>8:15-8:30 ምህለላ ስለ ቤተክርስትያንናን ሃገርናን | 5:00-7:00 ድራርን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ዲ. (ዶር) ኣቤል በርሀ<br>7:00 — 7:30 መዝሙር ብወለድን መንእሰያትን<br>7:30–8:15 ስብከት (መሪሕ ጥቕሲ፡ 4ይ ክፍሊ) ብዲ. ወልደኣብ ወ/ሥላሴ<br>8:15-8:30 ምህለላ ስለ ቤተክርስትያንናን ሃገርናን | 5:00-7:00 ድራርን ዕረፍትን<br>መራሕ መደብ: ዲ. (ዶር) ቴድሮስ ተስፋይ<br>7:00 — 7:30 መዝሙር ብወለድን መንእሰያትን<br>7:30–8:15 ስብከት (መጠቓለሊ) ብቀሺ ተስፎም ገዛኢ<br>8:15-8:30 ምህለላ ስለ ቤተክርስትያንናን ሃገርናን |

ከምቲ ልሙድ ሰንበት (08-05-2007) ብቅዳሴ ይዛዘም። ተወሳኺ ሓበሬታን ናይ መደባት ለውጥን ኣብ እዋኑ ስለዝመሓላለፍ፡ ምእመናን ኣብ ናይ ንኡስ ሃገረ ስብከት መርበብ ሓበሬታ www.tewahdo.org ክትከታተሉና ብኽብሪ ንዕድም።